# ናጽነት

ክንመልሳ ካብ መንጋጋ ሓረግጽ ኣፍ ተኸሉ
ጥንግናግ ፍሕሶ መከራ ጴርናላ ንኸትህሉ
በሊሕ ዝጥርዙ ሓኸቢ ደይብናላ
ካብ ማዕሙቕ ጥልቀት ክትሰርር ንስክላ
ሰብ ዕጫን ምርጫን ኮንና

ምስ ሕሱም ጎረቤት ምጉርባትና ተካል ዕጫ
ግድን ኮይኑና እቲ ናይ ምግዳል ምርጫ
ስልጣን ዘዝደየቡ ዘዝመንዝዑ ዘውዲ
ንቑርነትና ዝፈርዱ ኣብ ዝባንና ኣርዑት ባዕዲ
ኣበደን ኢልና ንስለ ክብረትና ስለ' ዛዓዲ
ገድልን ሕሰሙን መሪጽና ናይ ምቅላስ ዓውዲ

ዕረ ጨሊጥናዮ ከይዓርዓረና ምረቱ
ኣሻኸ ረጊጽና በሊሕ ዝጥርዙ መቐንጆሕ ስሕለቱ
ቀረድ -መረድ መሊኽና ደሪብና ሓቦ ኒሕ
ኣስናንና ብሕርቕሙ ነኺስና ከውታ እዋን ከነውድሕ ከነጽብሕ

መን ለጊሱልና ተኾይጥና ኣብ መንበር
ማና ኣይተጸበናን ክተኹቡልና ክንከውን ሰብ ሃገር
መዋእል ንእስነት እባ ደኣ ኣብጉድጋድ ከናለ ተጸንቂቐ
ቆመና በሪሱላ ወዝ ተደዊኑ ዓጽመ ስጋ ባ ተፋሒቑ

ንስለ 'ዛ ናጽነት ስለ'ዛ ክብሪ ንስለ መረበትና ስለ'ዛ ርስቲ
ደም ቀይሕ ኣዝሪናላ ከፊልና ረዚን መስዋእቲ
ምንዙዕ መሰል ክንመልስ ኀይታ ዕድልና ንሙኻን
ጽዋእ ኢልናዮ ሸግርን መከራን
ሰብ መንነት - - - ሰብ ሃገር- - -ሰብ መሬት-
- -ሰብ ናጽነት ባንዴራ ንምውናን ነዛ ክብርቲ ዝፋን

ዝባንና ገበታ መሸንበቦ ሓጻውን ከጽሒ
ኣብ ቅድሚ ዓረር ተኾይጥና ሕሰም ሃገር ክንጽሂ
የሐው መዓስ ኢልናሉ ሸውሸውታ ደብዳባት ኣይሂ
ሆሮርማ ሪዕምናዮ ጴርናዮ ኣሳሓይታ ገብኢ

እወ ዛ ናጽነት
ተረባሪብናላ ወለዶታት ሓቲታ
ቦኽርን ሕሳስ ልደን ኣበጂና ንድሕነታ ፥ኮንናላ ድርዒ ሓጺን ዋልታ
ዕንክይኪይ መዓስ ኢልናሉ ጽንጽሕለ ሓኸቢ
ደበስ ስለዝነበሮ ናይ ምግዳልና ዓስቢ

ዓረር ብዓረር ክንጫናጋዕ ልዕሊ ርብዒ ዘመን
ንስለ 'ዛ ናጽነት ሎሚ፣ ተጠቢስናላ መግሃጽ ኡቶን
ወትሩ ኻሕን ከርማሕማሕን ሂምታን
ሲኦል ሓጻውን ባሩድን ገቢታ ዒግታን
ጼርናዮ ንስለ 'ዛ ደበስ ንስለ 'ዛ ጻማ ለፋዕታ
ኣይሰልቸውንን ኣይሰልቸወንን ኣጻብዕና ክስሕባ ቃታ

መንኩብና ብጽዖት መዓንጣና ብዕጥቂ ተላሒጉ
ሂወትና ምስ ለመምታ ተመነ ዕንቅርቢት ምምሕዛው ቢሂጉ
ጣሕሸምሸም ጸድፍን ገደልን ንስለ 'ዛ ክብሪ
ናብ ዓዲ ሞት ክንመላለስ መኒንና ነዛ ዕምሪ

በትን ቃጻሎን በትን ቀዝሒ በረድ
ገሃጽሃጽ መጋርያ ንጥፍኣትና ክንብድበድ
ጥልቀትን ስረትን ህላወን ዕርበትን
ጽንዓትን ጥልመትን
ዝርያን ከበባን ቃጻን ሃድንን
ቀረድን ቅንጅሕትን ሲኦልን ከልበትበትን መግሃጽን ረመጽን

ከም ወርቂ ተፈቲንና ንስለ 'ዛሪም
ኣባጽሕ ሂብናላ ለይለያት ዓረጥም
እወ'ዛ ናጽነት ሂወት ብሉጻት መንዚዓ
ሳላ በራውር ደቃ ሃገር እንሆ ንራህዋ በቒዓ
ደበስ ከርተትና ናጽነት እዩ ፍዳ
ዓስቢ ምረትና ቅሳነት እዩ ዋጋ

ጻማና እያ ሞሳ ለፋዕታ እዛ ናጽነት
መብጽዓና ነሐድስ ኣብ'ዛ ረዛን ዕለት
ሕጂ ውን ንንከስ ከም ዓንቶቦ ትማሊ
ንመኸተናን ልምዓትናን ሳቢያ ንበል ሎሚ

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ) / ጀርመን